# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፲

**ዝቐጸለ...**
“እሞ ንሓዋሩኸ እንታይ ይመስለኩም? ታሪኽካ ዘይምፋላጥ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ?”

“ወደይ፣ ንሰብ ካብ እንስሳ ዚፈልዮ ‘ታሪኽ ኣሎኒ’ ኢሉ መሰረቱ ኣጽኒዑ፣ ትውልዱ፣ ሓቀኛ ታሪኹ፣ ዛንታኡ ምፍላጡ፣ ርእሱ ኣቕኒዑ ምኻዱ እዩ እምበር፣ ካሊእ ደኣኸ እንታይ መሲሉካ? ታሪኹ ዘይፈልጥ ሰብ መንነቱ እውን ኣይፈልጥን። ትውልዱን መንነቱን ዘይፈልጥ ወለዶ ድማ ንጥፍኣትን ንውርደትን እተዳለወ፣ ከም በጊዕ ናብ ዝጐተትዎ እናተጎተተ ከም ማል፣ ከም ከፍቲ፣ ናብ ማሕረዲ ዚኸብኮብ እንሰሳ እዩ።

“እታ ሓቂ ዘይብላ ብሓሶት እተፋሕሰት ታሪኽ ውዒላ ሓዲራ ትቃላዕ እሞ ውርደት ደኣ ተምጽእ እምበር፣ ኣይተዋጽእን። ሕዝቢ እስራኤል እንሆ ንርእዮምዶ ኣየሎናን! ኣይ ሳላ ታሪኾም ሓልዮም ዝነበሩ እንድዩ ግዲ ሎሚ ብድሕሪ ኽንደይ ዘበናት ዓድና ኢሎም፣ ንሃገሮም ተመሊሶም፣ መንግሥቲ ኣቝሞም፣ ብርቱዓት ሕዝቢ ኾይኖም ዘለው! ታሪኽ ኣሎና ኢሎም ኣጽኒዖም ዝሓዝዎ እምነት እንተ ዘይህልዎም ነይሩስ ኣብዙይ ምበጽሑዶ ይመስለካ? ፈጺሞም ኣይምበጽሑን።

“ካብተን ንሰብን ንእንስሳን ዚፈላልዮኦም ነገራት ኣውራ ድማ ታሪኽ እያ። ከፍቲዶ ታሪኽን ይፈልጣ? ኣቦይ፣ ኣደይ ኪብላ፣ ደቂ ሓወቦይ፣ ደቂ ኣኮይ፣ ደቂ ሓትኖይ እናበላ ኺዛመዳ ርኢና ኣይንፈልጥን። ሓው፣ ሓብቲ ብዘይብሉ፣ እቲ ሓደ ምስ እታ ሓንቲ ስቕ ኢሎም ኪሳረሩን፣ ኪፋረዩን ኢና እንርእዮም እምበር ነውሪ ኣይፈልጡን።

“እቲ ታሪኹ ዘይፈልጥ ድማ ዳርጋ እንስሳ እዩ፣ ነውሪ ኾነ ዘጥዕመሉን ዘኽፍኣሉን ኣይፈልጥን፣ ከመይ እንተ በልካ መንነት የብሉን። ካበይ ከም ዝመጸ ስለ ዘይፈልጥ፣ ናበይ ከም ዚኸይድውን ኣይፈልጥን። ‘ናበይ ትኸይድ ኣሎኻ?’ እንተ በልካዮ እውን ዚረብሕ መልሲ ኣይህበካን። ዕላማ የብሉን። ብግምት፣ ብሃሰሰስ፣ ብፈንጠርጠር እዩ ናብርኡ። ምስ እቲ ታሪኹ ዚፈልጥ፣ ድምብርጽ ዘይብል ሕዝቢ ድማ ደፊሩ፣ ርእሱ ኣቕኒዑ፣ ልቡ መሊኡ ኪቕውም ኣይኽእልን። እታ ኹርዓቱ ብላዕለ-ላዕሊ፣ ከም ነጸላ መሸፈኒት ጥራይ እያ እምበር ኣብታ ውሽጢ ልቡስ ድንጉጽን ፈራሕን እዩ። ስለዚ ከም ትኪ በኒኑ፣ ከም ሓመድ ዶሮና ተበቲኑ፣ መጻወቲ ኻልኦት ኮይኑ፣ ብባርነትን ብድኽነትን እዩ ኸንቱ ጠፊኡ ዚተርፍ። እወ! ወደየ፣ ታሪኹን መንነቱን ዘይፈልጥ ሰብ ኣዝዩ ዜሕዝን እዩ። ኻብኡ የድሕነና!”

“ኣቦይ ቀሺ፣ ካብ ኢትዮጵያ ንኺፍለዩ ዚጽዕሩ ኤርትራውያን ኣለው። ብዛዕባ ኣቦይ ወልደኣብ ወ/ማርያም እውን ንሰምዕ፣ እሞ ብዛዕባኣቶምከ እንታይ ትብሉ?”

“ወደይ ናይ ፖለቲካ ነገር ምዝራብ ኣሸጋሪ እዩ፣ እንካብ ምዝራቡስ ዘይምዝራቡውን ኣዝዩ ይሓይሽ። ብዝኾነ ኾይኑ፣ እንግሊዝ ምስ ወጹ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓድነት ዝሓበራሉ እኮ ነዊሕ ኣይኮነን፣ ትማሊ፣ ትማሊ እንድዩ። ብቕድሚኡ በበይንተንዶ ኣይነበራን? ንፈሌ ዚብሃል ብመሰረቱ ዜሕዝን ኩነታት ኮይኑ ደኣ ይረኣየኒ። ኣነ ኣብ ባእሲ ቤተሰብ ንሽምግልና ኽጽዋዕ ኸለኹ፣ ሓዳር ንኸይፈርስ፣ “ሕደጉ፣ ተዓረቑ፣ ይቕረ-ይቕረ ተበሃሃሉ!” ኢለ ደኣ እመክር እምበር፣ ተፋትሑ ኢልካዶ ይምከር እዩ? ነውሪ! ካብ ፍትሕኸ እንታይ ረብሓ ይርከብ? ቤት ይዓኑ፣ ቆልዑ በረኻ ይኣትው።

ምንም ጥቕሚ የብሉን። ኣብ ሓደ ሃገር ፍትሒ ኺህሉ ምጽዓር ደኣ ይግባእ እምበር፣ ፍትሕን ምፍልላይንስ ከቶ ጽቡቕ ኣይመስለንን። ካብ ምፍልላይ እንታይ ረብሓ እሞ ኺርከብ ኢልካ ኢኻ? ምናልባት ንገለ ቑሩባት ሰበ-ስልጣን ደኣ ይጠቕሞም ይኸውን እምበር፣ ንብዘሎ ሕዝቢስ ዚጠቅም ነገር እዩ ኢልካ ምሕሳብ ኣሸጋሪ እዩ።”

“‘ኣብቲ ሃገር ፍትሒ ኺህሉ ምጽዓር’ ኽትብሉ ኸለኹምከ እንታይ ማለትኩም እዩ?”

“ፍትሒ ማለት ኣብ ትንቢት ኤርምያስ፣ ኣብ ምዕራፍ 22 ቁጽሪ 3 እንዶ ተመልከቶ፤ “…ፍርድን ፍትሕን ክትገብር፣ ነቲ ጥቑዕ ካብ ኢድ ገፋዒ ኽተናግፎ፣ ንስደተኛን፣ ንዘኽታምን፣ ንመበለትን ከይብደሉ፣ ደም ንጹሕ ሰብ ኣብ ሃገርካ ኸይፈስስ…” እዩ ዚብል። ፍትሒ ማለት ንሱ እዩ እምበር ገዛኢ ሃገር ወዲ ዓድኻ ኾነ ወጻእተኛ፣ ግፍዒ ካብ ዝመጸ እንተ መጸ እንታይ ፍልልዩ? ኣብ ሓደ ሃገር ገፋዒ ጓና ኾነ ወዲ ሓወቦ፣ ገፋዒ ኣይ ገፋዒ እንድዩ? እታ ዓገብ ካብ ዝመጸት ትምጻእ ዓገብ እያ። ፍትሒ ድማ ድኻ ተበዲለ ኢሉ ኽጠርዕ ኸሎ ከምቲ ናይ ጥንቲ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዝበልናዮ፣ ጽሩይን ጽፉፍን ዝኾነ ሓድሽ ሕግታት ተሓጊጉ ብዳኛታት ዚፍረድ፣ ዕርቂ እንተ ኾነ እውን ብሽማግለታት ሃገር ተሸምጊሉ ዚዕረቕን ዚውዳእን ማለት እዩ ፍትሒ ዝብሃል።

“ኣብ ኩሉ ዓለም ድማ ብርታዐን ሓይልን ካብ ሰነያ፣ ካብ ሕብረት፣ ካብ ብዝሒ ሕዝቢ ደኣ ይመጽእ እምበር ንበይንኻ ተፈሊኻ ብርታዐ ኣይርከብን። ሓንቲ ሃገር ድማ ንበይና ተፈልያ ንድኽነትን ንድኻምን ደኣ እምበር ምዕባለን ሃብትን ክትረክብ እያ ኢልካ ምሕሳቡ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ሓይልን ሃብትን እተብሃለ ኣብ ዓለም ዘሎ ኹሉ ካብ ሕብረትን፣ ካብ ሓድነት እዩ ዚመጽእ።”

ይቕጽል…